# SARS COV-2(COVID-19)
# ሳርስ-ኮቭ-2 (ኮቪድ-19)

ሓበሻ Health

ዶር. ዮናስ ተስፋጋብር (ሓፈሻዊ ሓኪም)
መሓሪ ዘርኣጋብር (ፋርማሲስት)

መጋቢት 20,2020

# ሕማም ኮቪድ-19 እንታይ እዩ፧

- Coronavirus disease 2019 (COVID-19) is

ሕማም ኮቪድ-19 ብ ሳርስ-ኮቭ-2 (ኣዝዩ ብርቱዕn-severe ዘየላቡን-acute) ዝበሃል ቫይረስ ዝመጽእ ኮይኑ ረኽሲ ስርዓተ ምስትንፋስ ዘስዕብ ተመሓላላፊ ሕማም እዩ።

- እዚ ሕማም ኣብ 2019 ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ዉሃን ዝተባህለ ኣብ ቻይና ዝርከብ ከተማ ንመጀመርታ እዋን ተራእዩ።
- ስጋብ እዚ ሰዓት ድማ ብልዑል ናህሪ እንዳወሰኸ፡ ዓለም ምሉእ በዚ ሕማም ተለቢዳ ኣላ።

# ኮሮና ቫይረስ


ኮሮና ቫይረስ ሓደ ካብ ዓበይቲ ጉጅለ ናይ ‘ቫይረስ’ ተባሂሎም ዝጽውዑ ደቀቕቲ ታህዋስያን እዩ።

መለለዪ ባህርያት፡-

- ባህርያት ስነ-ሰረት ፡ ንጽል ፈትሊ RNA(27-34 kilo bases)
- ሰንጣቒት ክፍሊ ሽፋን 50-200 nm
- ናይ ፕሮቲን ትሕዝቶ ዘለዎ ጫፋት

Corona → Crown

# ኮሮና ቫይረስ ብሓገዝ መጉልሒ ርእየት



# .... ቫይረስ

- ውሑዳት ካብዞም ቫይረስ ኣብ ወድ ሰብ ጉንፋዕ የስዕቡ (COMON COLD)
- ካናይን (Canine) ከምኡ ድማ ፈላይን (feline) ዝበሃሉ ዓይነት ኮሮና ቫይረስ ድማ ንእንስሳታት ጥራይ የጥቅዑ
- ሳሕቲ ድማ እዞም ንእንስሳ ዘጥቅዑ ዓይነታት ኮሮና ቫይረስ ናብ ሰብ ብምስጋር ከጥቅዑ ይረኣዩ እዮም፡

እዚ ‘spill over’ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ ድሕሪ እዚ መስርሕ ድማ ካብ ሓደ ሰብ ናብ ካልእ ድማ ምትሕልላፍ ክርአ ይጅምር

እዚ መስርሕ እዩ እምበኣር ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ሕጂ ንዓለም ምሉእ ለቢዱ ዝርከብ ሕማም ኮቪድ-19

‘MERS’ን ‘SARS’ን ተባሂሎም ዝጽውዑ’ውን ቅድሚ ሕጂ ተራእዮም ካብ ዝነበሩ ክልተ ንእንስሳ ጥራይ ዘጥቅዑ ዓይነታት እዚ ኮሮና ቫይረስ እዮም።

# .... ቫይረስ

- ስለዚ እምበኣር እዚ ሕማም ኮቪድ-19 ዘስዕብ ዓይነት ቫይረስ ብመንገዲ spill over ኣቢሉ  ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ክመስሓለፈ እዩ ዝእመን
- እዚ ቫይረስ ንመጀመርታ ግዜ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ዝሓለፈሉ ድማ ኣብ ሕዳር - ታሕሳስ 2019 ዘሎ እዋን ኣብ ከተማ ዉሃን ናይ ሃገረ ቻይና እዩ
- ቀንዲ ዝተበገሰሉ ቦታ ድማ ካብ እንስሳታት ዘገዳምን ባሕርን ዝሸየጡሉ ዕዳጋ ምዃኑ ይፍለጥ
- ስጋብ ሕጂ እቲ ቀዳማይ መልከፍቲ እዚ ሕማም ዝተራእየሉ ባታን ዕለትን ድማ ብ17 ታሕሳስ 2019 ኣብ ከተማ ውሃን ናይ ቻይና እዩ
- ንመጀመርታ እዋን ድማ ኣብ ጥሪ 2020 ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክመሓላለፍ ጀሚሩ

# ሕማም ኮቪድ-19 ዝመሓላለፈሉ ቀንዲ መንገድታት

- ቀንዲ ናይ መተሓላለፊ መንገዲ ናይ ስርዓተ ምስትንፋስ ንጣር ምራቕ (ጥፍጣፍ) ክኸውን ከሎ ኣብ እዋን ምስዓልን ምህንጣስን ድማ ከጋጥም ይኽእል
- እዚ ቫይረስ ብህይወት ክጸንሓሉ ዝኽእል ቦታታት
  - ፕላስቲክን ሓጺንን……3 መዓልታት
  - ኣብ ኣየር እንዳንሳፈፈ…3 ሰዓት

ዋላ'ኳ እዚ ቫይረስ ኣብ ቀልቀል ዝርአ እንተኾነ፡ ካብ መጋቢት 2020 ንደሓር ግና ካብ ቀልቀል ተበጊሱ ንሰብ ክለክፍ ይኽእል እንተኾይኑ ዝተፈልጠ የለን። ይኹን እምበር እዚ ተኽእሎታት ኣዝዩ ታሕቲ ምኳኑ እዩ ዝግት

# ..... ዝመሓላለፈሉ ቀንዲ መንገድታት

- እዚ ቫይረስ፡ ሰብ ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 ከርኢ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ዝለዓለ ናይ ምትሕልላፍ ዓቅሚ ኣለዎ
- ይኹን እምበር ገለ ውሑዳት ዘይኮኑ'ውን ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 ከየርኣዩ ነዚ ሕማም ከመሓላልፉ ይኽእሉ እዮም። ይኹን እምበር ግና ቀንዲ ናይ ምትሕልላፍ ኣገባብ ናይዚ ቫይረስ ከምዘይኮነ ክፍለጥ ይግባእ)

# ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19

- ረስኒ ኣካላት
- ሰዓል
- ሕጽረት ምስትንፋስ
- ቃንዛ ጭዋዳታት
- ምምስራሕ ልፋጭን ምቑሳል ጎሮሮን

# ሓጺር መወከሲ (መለለዪ) ሕማም ኮቪድ-19
## ብመሰረት መግለጺ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና (WHO)

### ጥርጡር ሕማም ኮቪድ-19

ዘርእዮም ምልክታት

ሀ. ቅልጡፍ (ዘየላቡ) ምምዕባል ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ ዘማዕበሉ (ዘርኣዩ) ሕሙማት፡ ረስኒ ከምኡ ድማ ሓደ ካብ ምልክታት ሕማም ስርዓትተምስትንፋስ የርእዩ (ሰዓል፡ ሕጽረት ምስትንፋስ)

**እዚ ሕማም (ምልክት) ካልእ ፍሉጥ መበገሲ ምኽንያት ምስእትስእነሉ ከምኡ ድማ፡ ነዚ ምልክት ዘርኣየ ሰብ ኣብ ውሽጢ እዘን ዝሓለፉ 14 መዓልታት (ካብ ግዜ መርመራ) ናብ ሓንቲ ካብተን ነዚ ለበዳ ኮቪድ-19 ዝተራእየለን ሃገራት ዝመጸ (ዝሓለፈ) ምስዝኸውን

ለ. ቅልጡፍ (ዘየላቡ) ምምዕባል ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ ዘለዎ ሰብ፡ ኣብ ዝሓለፉ 14 መዓልታት ምስ ሓደ ካብ በዚ ሕማም ኮቪድ-19 ዝተለኸፈ (ወይ ዝተጠርጠረ) ሰብ ቀጥታዊ ርክብ ዝነበሮ ምስዝኸውን

ሐ. ብርቱዕን (severe) ዘየላቡን (acute) ረኽሲ ስርዓተ ምስትንፋስ ዘለዎ ሰብ፡ ረስኒ ከምኡ ድማ ሓደ ካብ ምልክታት (ነጸርታ) ሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ የርእዩ (ሰዓል፡ ሕጽረት ምስትንፋስ)

**እዚ ሕማም (ምልክት) ካልእ ፍሉጥ መበገሲ ምስዘይህልዎ፡ እንተኾነ ግና ከም ሳዕቤን እዚ ሕማም (ምልክት)፡ ሕሙም ኣብ ሆስፒታል ክዕቆብ ምስዝግደድ

# ....(መለለዪ) ሕማም ኮቪድ-19

## Probable case

- ርግጸኛ ዘይኮነ ግን ከም ሕሙም ዝምደብ

ብመርመራ ዘይተረጋገጸ ወይ ድማ እቲ ካብ ላቦራቶሪ ዝመጸ ውጽኢት ከም ሕሙም ክትምድቦ ዘጸግም ምስ ዝኸውን (እኹል መርትዖ ዝህብ ምስዘይከውን)

- ዝተመስከረሉ (ፍሉጥ) ሕሙም

እዚ ብናይ ላቦራቶሪ መርመራ ተራእዩ ዝተመስከረሉ ርጉጽ ሕሙም ናይ ኮቪድ-19 እዩ። ዋላ'ውን ዝርአ ምልክታት (ነጸርታ) ኣይሃልዎ ውጽኢት መርመራ ላዕለዋይ ኢድ ይወሃቦ

# መስርሕ መርመራ ሕማም ኮቪድ-19

- **rtPCR**- እዚ ነቶም ኣብ ላዕለዋይን ታሕተዋይ ስርዓተ ምስትንፋስ ዝርከቡ ነዝዕታት (ምራኽ) ተጠቒምካ

- ***መርመራታት ናይ ደም***

- **CT-SCAN**

# ስትራተጂካዊ ዕላማታት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና

- ✓ ምዕጋት ካብ ሰብ ናብ ሰብ ዝርአ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19
  - ኣብ መንጎ ሰብ ሞያ ጥዕና ኮነ ኣብ መንጎ ብሓደ ዝነብሩ ሰባት ዝርአ ንሕማም ኮቪድ-19 ስዒቡ ዝርአ ካልኣዊ ረኽሲ
  - ምጉዳል መልከፍቲ ዘጋድዱ ንጥፈታት
  - ምዕጋት ዓለም ለኻዊ ምልባዕ ሕማም ኮቪድ-19
- ✓ ቅልጡፍ ዝኾነ ምልላይ፣ ምፍላይ/ምግላል፡ ምውሻብን ምእላይን (ምክንኻን) ሕሙማት ኮቪድ-19

  **ሕሙማት ዝለዓለ ክንክን ከምዝረኽቡ ምግባር
- ✓ ካብ እንስሳታት ናብ ሰብ ክስዕብ ዝኽእል መልከፍቲ ምጽናዕን ምቕናስን

# .... ዕላማታት ዓለማዊ ውድብ ጥዕና

- ንማሕበረ ሰብ ዓለም ቀጻልን እዋናውን ሓበሬታ ምሃብ
  - ክብደት ሕማም ኮቪድ-19
  - ዝርግሐ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ክሰዕብ ዝኽእል ረኽስን
  - ኣገባብ ፍወሳን ዘለዉ ምርጫታትን
  - ምቅልጣፍ ምምዕባል መመርመሪ መሳርሒታት፡ ፍወሳን (መድሃኒት) ክታበትን
- ንሕማም ኮቪድ-19 ዘቃልዑ ሓደጋታትን ቀጻሊ ምዕባለታትን ብእዋኑ ምሕባር። ጌጋ ሓበሬታን ወረን ናብ ማሕበረሰብ ዓለም ከይበጽሕ ምክልኻልን፡ ምስትምሃርን
- ኣብ ማሕበረ ሰብ ዓለም ክወርድ ዝኽእል ማሕበራውን ቁጠባውን ሃስያ ንምቅላስ ምስ መሻርኽቲ ኣካላት ምስራሕ

# ምቁጽጻር ሕማም ኮቪድ-19

- ምፍላይ (ምግላል) ሕሙም ...Isolation
- ንሕሙም ደገፍ (ሓገዝ) ምሃብ...Supportive

ሕማም ኮቪድ-19 ጠቕሊሉ ክፍወስ ኣይከኣልን

- እኹል ፈሳሲ
- ዕረፍቲ
- ኦክስጅን ($O_2$)
- ድጋፍ ስርዓተ ምስትንፋስ (invasive/non invasive ventilation)
- ሕማም ኮቪድ-19 ስዒቡ ዝመጽእ ካልኣዊ ረኽሲ ምስዘጋጥም፡ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ክወሃብ ይከኣል

# መድሃኒትን ክታበትን ጸረ ሕማም ኮቪድ-19

**መድሃኒት**

ኣብዚ እዋን ብዙሕ ብዛዕባ መድሃኒታዊ ፍወሳ ንሕማም ኮቪድ-19 ኣዝዩ ብዙሕ ዝኾነ ዜናታት እዩ ዝጋዋሕ ዘሎ፥

- Chloroquine/ Hydroxychloroquine
- ኤች.ኣይ.ቪ ኤይድስ ንምፍዋስ እንጥቀመሎም መድሃኒታት
- ንካልኦት ዓይነት ቫይረስ ኮሮና ንምቅላስ እንጥቀመሎም መድሃኒታት
- ኣቐዲሙ ኣብ ምፍዋስ ሕማም ኤቦላ ጽቡቕ ውጽኢት ዘርኣየ መድሃኒት
- ካብ ብዙሓት ግዱሳት ወገናት ዝሕበር ዘሎ ባህላዊ ኣገባብ ፍወሳ

እንተኾነ ግና ክሳብ እዛ ዕለት ብመንገዲ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ዝተሓበረ ወግዓዊ ዝኾነ መስርሕ ፍወሳ ሕማም ኮቪድ-19 የለን። እቲ ዝዝረበሉ ዘሎ'ው ንእንተኾነ ኣብ ዝበዝሐ ሰብ ዘለዎ ጥቕምን ውሕስነትን ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ምሉእ ብምሉእ ከም መድሃኒት ንኽጸድቕ ግዜ የድልዮ።

# ....ክታበትን ጸረ ሕማም ኮቪድ-19

ክታበት

ኣብዚ እዋን ሕማም ኮቪድ-19 ክታበት ኣይተረኸቦን ዘሎ

ሕማም ኮቪድ-19 ክታበት ንኽርከበሉ ኣዝዩ ብዙሕ ተስፋ ዝህብ ጻዕርታት እኳ ይካየድ እንተሃለወ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ እቲ ዝዓበየ ብድሆ ነዚ ክታበት ምሉእ ብምሉእ ኣብ ተጠቀምቲ ንምቕራብ ዝወስዶ ግዜ እዩ።

**ምምዕባል ክታበት ካብ ምምዕባል መድሃኒት (ፍወሳ) ዝያዳ ግዜ ይወስድ

ምምዕባል ክታበት፡ ኣርባዕተ ዓበይቲ መስርሓት ክሓልፍ ብግዲ እዩ

1. መስርሕ ምምዕባል (ምርምር)ን ፈተነ ኣብ እንስሳታትን
2. መስርሕ ፈተነ ኣብ ውሑዳት (ውሱናት ዝተመርጹ) ሰባት
3. መስርሕ ፈተነ ኣብ ብዙሓት ሰባት
4. ድሕሪ ኣብ ጥቕሚ ምውዓሉ'ውን እንተኾነ ኣብ ቀጻሊ ምክትታል

# ምውሻብ

- ምውሻብ ክንብል ከለና ግዝያዊ ምግላል በዚ ሕማም ንዝተጠርጠሩ ውልቀ ሰባት እዩ።


ንውሓት ምውሻብ፡ ሕቑፎ ግዜ ናይ ሓደ ተመሓላላፊ ሕማም መሰረት ብምግባር ይውሰን። ሓደ ሰብ ካብታ መወዳእታ (ዝቐረበት መዓልቲ) ንቫይረስ ሕማም ኮቪድ–19 ዝተቃላዓሉ ክሳብ ምልክታት ሕማም ዘማዕብል ኣብ ውሽባ ክጸንሕ ይኽእል

**ንውሓት ምውሻብ ብሕማም ኮቪድ–19 ዝተጠርጠረ ሰብ እምበኣር 14 መዓልቲ እዩ፡ ምኽንያቱ እቲ ዝነውሐ ሕቑፎ ግዜ ናይ ዝበዝሐ ብኮሮና ዝፍለጡ ቫይረስ 14 መዓልታት ስለዝኾነ እዩ።

# መዓስ እዩ ሓደ ሰብ ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ሓውዩ (ነጻ ኮይኑ) ንብሎ፧

- ሓደ ሕሙም መዓስ እዩ ካብ ምእላይ (ምግላል) ናጻ ከምዝኾውን ንምፍርዳእ እዋናዊ መምርሒ ክፍሊ 'ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት' ምውካስ ይከኣል
  - ካብ ረስኒ ነጻ ምስዝኾውን (መድሃኒት ከይተጠቐመ)
  - ካብ ዝኾነ ዓይነት ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 ነጻ ምስዝኾውን (እዚ ሰዓል'ውን የጠቓልል)
  - ኣሉታ ውጽኢት መርመራ ሕማም ኮቪድ-19 ምስዘመዝግብ (እዚ ውጽኢት መርመራ ናይ ክልተ ኣብ ናይ 24 ሰዓት ፍልልይ ዝተወስዱ ቅምሶ ናይ ስርዓተ ምስትንፋስ ዝተመዝገበ ክኾውን ይግባእ)
  - ካብ ምፍላይ (ምግላል) ነጻ ዝኾነ ሰብ፡ ንካልኦት ንምልካፍ ሓደጋ ዘውርድ ምስዘይከውን

## ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ሓድሽ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ምስዝርከብ



# ኣመዓባብላ ዓለማዊ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19

- ጽልዋ ኩነታት ኣየር ወይ ድማ ሙቐት ምድሪ ኣብ ዝርግሐ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ፍሉጥ ኣይኮነን
- ልክዕ'ዩ ዝሑል ኩነታት ኣየር ንኸም ጉንፋዕ ዘስዕቡ ዓይነት ቫይረሳት ምቹእ ሃዋህው ይፈጥረሎም፡ እዚ ማለት ግና ኣብ እዋን ምዉቕ ኩነታት ኣየር ቫይረስ ብዘስዕቦም ሕማማት ክትጥቃዕ ኣይትኽእልን ኢኻ ማለት ኣይኮነን

**ስለዚ፡

እዚ ዓለማዊ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ምስ ምውሳኽ ሙቐት (ኩነታት ኣየር) ከምጽኦ ዝኽእል ልውጢ ፍሉጥ ኣይኮነን።

ብዛዕባ መስርሕ ምትሕልላፍ፡ ክብደት ከምኡ'ውን ፍሉይ ባህርያት እዚ ሕማም ኮቪድ-19ዝፍለጥ ኣዝዩ ውሑድ'ዩ። እቲ መጽናዕታዊ ጉዕዞ ድማ ቀጻሊ እዩ

# ኣመዓባብላ ....

- ስጋብ ሕጂ ተረኺቡ ብዘሎ ሓበሬታ መሰረት ሽሕ'ኳ ገለ ውሑዳት መልከፍቲ ህጻናት ተመዝጊቦም እንተሃለዉ፡ ከቢድ ሳዕቤን ኣብ ልዕሊ ህጻናት ብምኽንያት ሕማም ኮቪድ-19 ኣይተራእየን ዘሎ
- ካብቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ጠቕላላ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 እቲ ዝበዝሐ ኣብ ዓበይቲ እዩ

# ለበዋን ማዕዳን ንሕብረተሰብ

- ንዝርግሐን ምዕባለታትን ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ጽጹይ ሓበሬታ እትውከሰሎም ምንጭታት ብግቡእ ፍለጥ
  - ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ዓለም
  - ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰብ ሞያ ኣገልግሎጥ ጥዕና
  - ሰበ ስልጣን ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና
- ንዝወሃበካ ሓበሬታ ተኸቲልካ ጥዕና ገዛእ ነብስኻ፡ ስድራኻን ኣብ ከባቢኻ ዝርከቡ ማሕበረ ሰብን ንምውሓስ ግቡእ ስጉምቲ ውሰድ

# ለበዳ ሕማም ኮቪድ–19 ኣብ እትነብረሉ ከባቢ ምስዘጋጥም እንታይ ክትገብር ይግብኣካ፧

- ራዕዲ ኣወግድ፡ ብህዳኣት ድማ ዕየ
- ግቡእ ብዝኾነ ኣገባብ ጽሬት ኣእዳውካ ሓሉ
- ኩሉ ግዜ ማሕበራዊ ርሕቀትካ ሓሊኻ ተመላለስ
- ኣዒንትካ፡ ኣፍንጫኻን ኣፍካን ካብ ምሓዝ ተቖጠብ
- ጽሬት ስርዓተ ምስትንፋስ ኣዘውትር
- ኣካላዊ ረስኒ፡ ሰዓል ወይ ድማ ሕጽረት ምስትንፋስ ምስ ዝህልወካ ብቕልጡፍ ሓገዝ ሕክምና ከምእትረክብ ግበር

# ኣብ ቀረባ እዋን ናብ በዚ ሕማም ኮቪድ-19 ዝተጠቖዐት ሃገር ጌሽካ እንተኔርካ'ኸ፧

- ምልክታት ሕማም ኮቪድ-19 (ሕማም ርእሲ፡ ጸረርታ ናይ ኣፍንጫ) እንተለካ ኣብ ገዛ ክትጸንሕ (ክትፍለ/ክትግለል) ይግባእ
- ረስኒ ኣካላት፡ ሰዓል ወይ ድማ ሕጽረት ምስትንፋስ ምስዝህልወካ፡ እዚ ምልክታት ረኽሲ ስርዓተ ምስትንፋስ ዝሕብር ክኸውን ስለዝኽእል ብህጹጽ ሓገዝ ሕክምና ከምእትረክብ ግበር።

**ኣቐዲማክ ቴሌፎን ብምድዋል፡ ምስ ሓኪምካ ብዛዕባ ምስ ካልኦት ሰባት ዝጸንሓካ ርክብን ድሕረ ባይታ መገሻታትካን ተዘራረብ

# ሕክምናዊ ማስኬራ (መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን) ክወድዩ ዘድልዮም ኣካላት

ብመሰረት መምርሒ ኣሃዱ ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት፡ ለበዳ ሕማም ኮቪድ-19 ንምክላኻል መሸፈኒ ኣፍንጫን ኣፍን ክወድዩ ዘለዎም ውልቀ ሰባት እዞም ዝስዕቡ ጥራይ እዮም፦

- ብመልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ዝተጠርጠሩ
- ብምኽንያት ረኽሲ ስርዓተ ምስትንፋስ ሰዓል ዘለዎም

- ብኮቪድ-19 ንተለኽፉ ሕሙማት ዝኣልዩ (እዚ ትሕቲ 2 ሜትሮ ርሕቀት ንዝራኸቡዎም ሰባት'ውን የጠቓልል)

**ካብ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ንምክልኻል ብዝብል ስነመጎት ጥዑያት ሰባት መሸፈኒ ኣፍን ኣፍንጫን ንኽወድዩ ኣይመዓዱን

# ዓለማዊ ለበዳ ሕማም ኮቪድ019ን ህጻናትን

- ኣሃዱ ምቁጽጻር ተመሓላለፍቲ ሕማማት ኣብ እዋን ዓለማዊ ለበዳ ሕማም ኮቪድ–19፡ መልከፍቲ ሕማም ኣብ ህጻናት ንምክልኻልን ምፍዋስን ልክዕ ከምቲ ኣብ ዓበይቲ እንወስዶም ኣገባባትን መስርሓትን ክንክተል ይምዕድ

# ዓለማዊ ለበዳ ሕማም ኮቪድ019ን ነብሰ-ጾር ኣዴታትን

- ኣብ ዝበዝሕ ኣካል ሕብረተሰብ ተረኺቡ ብዘሎ ሓበሬታ መሰረት ብምግባር ነብሰጾር ኣዴታ ብሕማም ኮቪድ-19 ክወርደን ዝኽእል ፍሉይ ሓደጋ (ተጽዕኖ ሕማም) እንተሎ ከምኡ'ውን ንሳዕቤናት እዚ ሕማም ዝያዳ ዝተቓልዓ እንተኾይነን ዝፍለጥ ንጹር ኣይኮነን።

**ስለዚ፡

ነብሰ-ጾር ኣዴታት ልክዕ ከምቲ ካልእ ኣካል ሕብረተሰብ ዝኸተሎ መስርሕ ምክልኻል መልከፍቲ ካብ ሕማም ኮቪድ-19 ክኽተላ ይመዓዳ

# ዓለማዊ ለበዳ ሕማም ኮቪድ019ን ጸባ ጡብ ዘጥብዋ ኣዴታትን

- ሓንቲ ኣደ ብኸመይ ኣገባብ ህጻን ውላዳ ጸባ ጡብ ትምግቦ ምስ ኣባላት ስድራኣን ናይ ቀረባ ሓኪማን ተመያዪጣ ክትውስን ይግባእ
- ሕማም ኮቪድ-19 ከምዘለዋ ዝተረጋገጸ ወይ ድማ ኣብ ትሕቲ መርመራ ዘላ ኣደ፡ ንውላዳ ጸባ ጡብ ክትምግቦ ምስእትውስን ኣቓዲማ እዞም ዝስዕቡ ኣድለይቲ ጥንቃቐታት ክትክተል ከምዘለዋ ክትፈልጥ ይግባእ (እዚ ነቲ ህጻን ካብ መልከፍቲ ሕማም ኮቪድ-19 ይከላኸለሉ)
  - ኣፋን ኣፍንጫኣን ብግቡእ ክትሽፍን
  - ቅድሚ ነቲ ህጻን ምሓዛ ኣእዳዋ ብግቡእ ክትሕጸብ
- ጸባ ጡብ ሓሊባ ክትህቦ እንተኾይና ወይ ድማ ዋሕዚ ጸባ ንምስላጥ ብኢዳ ክትሕግዞ ኣድላዪ ምስዝኸውን ኣቓዲማ ኣእዳዋ ብግቡእ ክትሕጸብ ይግባእ

**ብተወሳኺ ግቡእ መምርሒታት ኣተሓጻጽባ ጸባ ንምሕላብ እንጥቀመሎም መሳርሒታት

ተኸቲላ ጽሬት እቶም እትጥቀልኦም ኣቑሑት ክትሕሉ ይግባእ